***ንዝኽሪ ሓርበኛታት ደቀንስትዮ ኤርትራውያን።***

*ኤርትራዊት ኣንስተይቲ ሰራሒት ቅያ፣*

*ኣደ ስምረት ንዘተፈላለያ፣*

*ኣስመራ ከተማና ምስክርኪ እንድያ።*

*ኣብቲ ድሕረት ዝነበረሉ እዋን ገና፣*

*እንዳ ንእንዳ ነንሕድሕደን ከተፋነና፣*

*ዕርቂ ዘውረድኪ እንዲኺ ሓደ ከኾና።*

*ኣብ ግዜ ቃልሲ ሰውራ ኤርትራ፣*

*መንእሰይ ምስ ወጸ ነዛ ባንደራ፣*

*ከመይ ነበረ ተራ እታ ኣደ ስድራ።*

*ጉዕዞ ቃልሲ ጀሚሩ ሓደ ክልተ ምስ በለ፣*

*ሰውራ ተረድኤ ገለ ከምዝጎደለ፣*

*ግደ ጓል ኣንስተይቲ ምኳኑ ኣስተብሃለ።*

*መሪሕነት ገድሊ ሓይሉ ምስ መዘነ፣*

*ኣብ ተባዕታይ ጥራሕ ከይተወሰነ፣*

*ብዘይ ተሳትፎ ጓል ኣንስተይቲ ከምዘይ ዕወት ኣመነ ።*

*ደቂ ኣንስትዮ ወሓዛ ናብ ሜዳ፣*

*ጎኒ ጎኒ ኣሕዋተን ኹናት ከካይዳ፣*

*ታዕሊም ተጀመረ ኣብ ዓራግ ርብዳ።*

*ቃልሳ ጀመረት ምስ ሰለስተ ተጻረርቲ፣*

*ዝምድና ዘይብሎም ኣዚዮም ተረሓሓቕቲ፣*

*እንታይሞ ከትገብር ኮይኑዋ ናይ ኣምላኽ ትዕድልቲ።*

*ቀዳማይ ቃልሲ ምስባር ኣሮዑት መግዛእቲ፣*

*ካልኣይ ምስ ባህርያዊ ስልቲ፣*

*ሳልሳይ ኮነ ጾታዊ ትምክሕቲ።*

*እንተኾነ ነዚ ኩሉ ጸራ፣*

*ተሰፋ ሰንቃ ሓቦ ድራራ፣*

*ትምርሽ ምእንቲ ‘ዛ ባንደራ።*

*ኣብ ጊዜ ኹናት ትሓንን ከም ነብሪ፣*

*ትሰጉም ትግደም ለይቲ ይኹን ቀትሪ፣*

*ብቡንባ ትማርኽ ወተሃደር ደርጊ ባህራሪ።*

*ግን ከኣ ለዋህ ፍሉይ ፍጥረታ፣*

*ተጸናንዕ በቲ ልስሉስ ቃላታ፣*

*ኹሑኽ ቀዲዳ ትጅንን ዉጉኣታ።*

ድሕሪ ኹናት የብላን ዕረፍቲ፣
ዝደኸሙ ብጾታ ማይ ከተስቲ፣
ዝተቀደ ክዳን ክትልግብ ሓንቲ ብሓንቲ።

ኣብቲ ጊዜ ጥሜት ግዜ ሰእነት፣
ቆጽሊ ወዲ ቆጽሊ ሽማጢጣ ብጾታ ዝዓንገለት፣
ሳላ ህርኩትናኣ ትንፋስ ዘውዓለት።

እዛ ጅግና ሰራሒት ቅያ፣
ኣበይ ተማሂራቶ እዚ ኩሉ ጉያ፣
ሃገር ክትብል ንእስነታ ወፍያ።

ኣብ ግዜ ኹናት ምስ ኮነ ጥምጥም፣
ቡምባ ሒዛ ጸላኢ ትሃጅም፣
ታሪኽ ትፍጽም እናሻዕ ዘሰደምም።

መውጋእቲ ትቅበሎ ብታሕጓስ ብደስት፣
እልልታ ትድርግም ተሰንቅ ሞራል ብጾታ፣
ኤረ ሴት ነች ክሳብ ዝብሉ ጸላእታ።

ባህሪ ዝፈጥሮ ጸገም ኬይሓንኮላ፣
ህጻን ኣብ ማህዘና ዘርኢ ተኺላ፣
ትሰዋእ ትፍለ ጉቡኣ ኣእኪላ።

ዎዮ ህጻን ዜይኮነ ዕድለኛ
ንሳ ትሰዋእ ትሰፍር ኣብ ቦታ ሓርበኛ፣
ንሱ ይቕበር ኣብ ውሽጢ ማህጸና፣

እታ ሰንኪላ ዓዲ ዝተወት፣
ማህጸና ነቒጹ ውላድ ዝሰኣነት፣
ዓወት ንሓፋሽ ትብል እናደጋገመት።

ዕድሚኣ ኣኺሉ ድቒ ዜይሓዘት፣
ዓመታት ኣቕጺራ በይና ምስኮነት፣
ዝሓለፈ ዜየጣዕሳ ፈጺማ ዝመነነት።

ዕድል ጌራ ውላድ ዝረኸበት፣
ግን ብዝቐበጻ ብጾታ ዘይቅሰት፣
ንሳውን ዘርኣ ሂባ ንምክልኻል ሃገር ልዕላውነት።

ቅያኺ'ም ከንደይ ኢለ ክዝርዝሮ፣
ኩርዓት ዘሰንቕ መቕሰን ኣእሙሮ፣
ይኹነን ንኻልኦት እዚ ናትኪ ተሞኩሮ።

ሞኅስ ንሓርበኛዊት ኤርትራዊት፡
ዘልኣለማዊ ዝኽሪ ንሰማእታትና፡
ዓወት ንሓፋሽ።
ገብረንጉስ መስመር።